The America Team for Hope ተስፋ Education ትምህርቲ Opportunity ዕድል Dignity ክብረት Displaced Eritreans

www.EritreanRefugees.org

# ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ትሪፖሊ ንሃለዋቶምን ካብቲ ኲነታት ንምህዳምን ዝገብሩዎ ቃልሲ ይቕጽሉዎ ኣሎዉ።

ጋንታ ኣመሪካ ምስቶም ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሊብያ ዝካየድ ዘሎ ንሊብያ ዘዕኑን ነቲ ስልጡን ዓለም ዘሕዝንን ኲናት ሕድሕድ ኣብ ትሪፖሊ ተቐርቂሮም ዝርከቡ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዘካይዶ ርክብ ይቕጽሎ ኣሎ።ንገለ ካብቶም ኣብቲ ከተማ ተታሒዞም ዘለዉ ንጹሃት ስደተኛታት ዝምልከት ኣብዚ ቀረባ ዝተረኽበ ሓበሬታ እንሆ።

- ካብቶም ኲናት ሕድሕድ ሊብያ ካብዝጅመር ኣትሒዞም ኣብ ሓደ ገዛ ተሓቢኦም ዝነበሩ ጉጅለ ዓሰርተ 6 ጥራሕ ክተርፉ እንክለዉ እቶም ካልኦት ግና ኣበይ ምኺኦ ናብ ዘይተፈልጠ ቦታ እግሮም ናብ ዝመርሖም ሃዲሞም። ዝኸፍኤ ኣጋጢሙዎም ከይከውን ይፍራህ። እቲ 5 ደቂ ተባዕትዮን ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ዝሓቖፈ ጉጅለ ብውሑድ ቀረብ መግብን ማይን ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾነ ሃለዋት የሕልፍ ኣሎ። ኣፋውስ ኣይረኽቡን፡ ሓደ ካብኦም ቅድም ክብል ዝዋሃቦ ዝነበረ ኣብ ሰሰሙን ዝውጋእ መርፍእ ብምስኣኑ ብሕማም ሽኮርያ ይሳቐ ኣሎ። ትማሊ መዓልቲ ጋንታ ኣመሪካ ነቲ ጉጅለ ምስ ሓደ ኣል ዋፋ ዝብሃል ገባር ሰናይ ትካል ከምዝራኸብ ጌሩ። ኣል ዋፋ ምስ ኮሚሽን ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝራኸብኳ እንተኾነ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ንኽዕጾ ስለዝተገደደ ኣብ ሊብያ ብወግዒ ዝነጣጠፍ ኣይኮነን። ይኹንምበር ተወካሊ ናይቲ ጉጅለ ሎሚ ምስ ኣል ዋፋ ተራኺቡ ገለ ፍታሕ ንምንዳይ ክዘራረብ እዩ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ ጋንታ ኣመሪካ ዝርዝር ሓበሬታ ናይቲ ጉጅለን ዘድልዮ ሓገዛትን ብዝምልከት ምስ ኣብ ትሪፖሊ እትርከብ ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ስለዝተዘራረበ ዓቕሚ ብዝፈቐደ መጠን ንገለ ህጹጽ ጉዳያት ሓገዝ ይረክብ ኣሎ።
- ጋንታ ኣመሪካ ምስ ካልእ 80 ስደተኛታት ኤርትራውያን ዘለዉዎ ኣብ ትሪፖሊ ዝርከብ ጉጅለውን ክትሓባበር ጸኒሑ እዩ። ኲሎም ኣባላት ናይቲ ጉጅለ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝጣየሱሉ መገዲ ንኽሕሰበሉ ብመገዲ ኮሚሽን ጉዳይ ስደተኛታት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት  ወከሳ ተጌሩ'ሎ። ውሽጣዊ ጉዳያት መንግስቲ ኣመሪካ ጉዳዮም ካብ ሊብያ ወጻኢ ክርእየሎም ብዝብል ሓልዮት ጋንታና ንጉዳይ ኣባላት ናይቲ ጉጅለ ናብ ዓለም ለኻዊ ትካል ስደተኛታትን ናብ ኮሚሽን ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣማሓላሊፉዎ ኔሩ። እዚ እናተኻየደ እንከሎ እዩ ውግእ ሕድሕድ ሊብያ ዝተወልዐ።ካብኡ ንነጀው ገለ ካብቲ ጉጅለ ዑቕባ ንምንዳይ ናብ ቱኒዝያ ክኸይድ እንከሎ ሓደ ክፋሉ ሎሚ ንግሆ ተበጊሱ። እቶም ደቂ ተባዕትዮ ቀረብ ከምጽኡ ክወጽኡ ናብ ቤተክርስትያን ክኸዱ ክኢሎም ኣለዉ። ኣብኡ ናይ ተዋህዶን ካቶሊኽን ኣብያተ ክርስትያናት ክህልዋ እንከለዋ ሓገዝውን ይውፍያ እየን ንስደተኛታት ብሸዓ ዝቕበላ ግን ኣይኮናን።ዌስተርን ዩንዮንን ማኒግራምን ኣብ ትሪፖሊ ዕጹዋት ስለዝኾኑ ናይ ገንዘብ ሓገዝ ዝስደደሉ

መንገዲ ዛጊት ኣይተረኽበን።  እቲ 80 ኣባላት ዘለዉዎ ጉጅለ ኣብ ማልታ ዝራኸቦ ኤርትራዊ ስደተኛ ስለዘሎ ንኣስማትን ቁጽሪ መዝገብን ናይ ኲሎም ኣባላት እታ ጉጅለ ኣብኡ ናብ ዝርከብ ኤምባሲ ኣመሪካ ኣማሓላሊፉዎ ኣሎ።

ጋንታና እውን ምስቲ ኤምባሲ ብምዝርራብ እቲ ሓበሬታ ከምዝበጽሖን ተቐቢሎዎ ከምዘሎን ኣረጋጊጹ። ኣብ ሮማ ዝርከብ ኤምባሲ ኣመሪካ እውን ውሽጣዊ ጉዳያት ኣመሪካ ናይ ዋሺንግቶን ነዚ ሓበሬታዚ ኣብ ኮምፕዩተሩ ሓዚሉ ኣቐሚጡዎ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ ኣሎ። እቲ ኣብ ማልታ ዝርከብ ኤርትራዊ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ሰሙንዚ ናብ ሲያትል ዋሺንግተን መጺኡ ከምዝጣየስ ነጊሩና ኣሎ። ብዝኾነ ግና እቲ ጉጅለ ውጽእ ኢሉኳ መግብን ማይን ንኽኽዝን ዕድል እንተረኺበ እቲ ዘይስነመጎታዊ ስርዓት ነታ ከተማ ተቖጻጺሩዋ ብሰንኪ ምህላዉ ተፈጢሩ ዘሎ ምትእትታው ናይ ዓበይቲ ሕቡራት ሓይልታት እናተረረ ይኸይድ ስለዘሎ ብርቱዕ ጸጥታዊ ሻቕሎትሓዲሩዎ ኣሎ።

**ናይ ኣሰናዳኢ ርእይቶ፡-** *መንግስቲ ኤርትራ ኤርትራውያን ንሃገሮም ገዲፎም ዝኸዱ ብሰንኪ ሕማቕ ኣታሓሕዛን ጭቆናን ዘይኮነስ ዝሓሸ ቁጠባዊ ናብራ ከናድዩ ስለዝደለዩ ጥራይ እዩ ዝብል መርገጺ ሒዙ ይዛረብ…ተመልከቱ፡*

[http://www.eritreanrefugees.org/files/Eritrea](http://www.eritreanrefugees.org/files/Eritrea) [says refugees notfleeing.pdf]()

ጋንታ ኣመሪካ ካብ ሃገረ እስራኤል ዝረኸቦ ናይ ዓይኒ ምስክርነት ጸብጻብ ግና ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ከምዝፍለጥ ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ኤርትራን እስራኤልን ርጉእኳ እንተኾነ ብዙሓት ኣሽሓት ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብታ ሃገር ከምዝነብሩ ስለዝፍለጥ ስርዓት ኤርትራ እሙናት ዜጋታቱ ናብ እስራኤል ብምልኣኽ ህዝቢ ካብ ኤርትራ ዝሃድመሉ ምኽንያት ብሰንኪ ጭቆናን ስቅያትን ኣይኮነን ዝብል ኣቓልቦ ከደልድል ተጓዪዩ እዩ። እዚ ንምግባር ድማ ኤርትራውያን ብነፋሪት ንካይሮ ከምዝበሩ ብምግባር ንግብጺ ብሕጋዊ መንገዲ ከምዝኣትዉ ጌሩ እዩ። ብድሕርዚ እቶም ልኡኻቱ ብመሬት ተጓዒዞም ስደተኛታት ተመሲሎም ናብ እስራኤል ይኣትዉሞ ኣብኣ ብጽሒ ምስበሉ ንቑጠባዊ ረብሓ ከምዝተሰደዱ ብምእዋጅ ኣብ ኤርትራ ጭቆና የለን ኣብ ዝብል ይዋፈሩ። ብኸምዚ ዝተላእኩ ውልቀሰባት ንኤርትራ ዘስዕቡላ ፖለቲካዊ ሓደጋ የለን። ሓለዋን ምክልኻልን ከምዝግበረሎም ቃል ትኣትዩሎም ክኸውን ይኽእል ወይውን ምናልባት ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ዘለዉ ቤተሰቦም ብኽወርድ ዝኽእል ሓደጋ ቁጽጽር ተጌሩሎም ክኸውን ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ፕሮፓጋንዳ ብደገፍቲ ናይቲ ገበነኛ ስርዓት ወይከኣ እቲ ስርዓት ብዝኸፈሎም ሰባት ኣብ ኣመሪካ ተዘርጊሑ ኔሩ እዩ።

ምስቲ ንኣብ ሊብያ ዝርከቡ ካብ ብዙሓት ሃገራት ዝመጽኡ ስደተኛታት ዘጋጥሞም ዘሎ ሰብኣዊ ቅልውላው ከም ግብጺ፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ቱኒዝያ ዝኣመሰላ ሃገራት ናይ ዑቕባ ወፈያ ኤርትራ ግና ነቶም ኣብ ሊብያ ተቐርቂሮም ዘለዉ ዜጋታታ ዝምልከትኳ ሓንቲ ቃል ክትዛረብ ኣይከኣለትን። ስርዓት ኤርትራ እዞም ሰባት ንቑጠባዊ ረብሓ ኢሎምዮም ንዓዶም ገዲፎማ ኢሉ እዩ ብርግጽ ዝኣምን ምባል ዝመስል ኣይኮነን-“ስደተኛታት ቁጠባ” ዘይመስል -ብኻልእ ምኽንያት ድኣ…

[www.EritreanRefugees.org](http://www.EritreanRefugees.org)